Diploma Programme
Programme du diplôme
Programa del Diploma

# Tigrinya A: literature – Standard level – Paper 1
# Tigrigna A : littérature – Niveau moyen – Épreuve 1
# Tigriña A: literatura – Nivel medio – Prueba 1

Wednesday 4 May 2016 (afternoon)
Mercredi 4 mai 2016 (après-midi)
Miércoles 4 de mayo de 2016 (tarde)

1 hour 30 minutes / 1 heure 30 minutes / 1 hora 30 minutos

### Instructions to candidates

- Do not open this examination paper until instructed to do so.
- Write a guided literary analysis on one passage only. In your answer you must address both of the guiding questions provided.
- The maximum mark for this examination paper is **[20 marks]**.

### Instructions destinées aux candidats

- N’ouvrez pas cette épreuve avant d’y être autorisé(e).
- Rédigez une analyse littéraire dirigée d’un seul des passages. Les deux questions d’orientation fournies doivent être traitées dans votre réponse.
- Le nombre maximum de points pour cette épreuve d’examen est de **[20 points]**.

### Instrucciones para los alumnos

- No abra esta prueba hasta que se lo autoricen.
- Escriba un análisis literario guiado sobre un solo pasaje. Debe abordar las dos preguntas de orientación en su respuesta.
- La puntuación máxima para esta prueba de examen es **[20 puntos]**.

2216 – 0667

4 pages/páginas

© International Baccalaureate Organization 2016

International Baccalaureate
Baccalauréat International
Bachillerato Internacional

https://xtremepape.rs/

*ካብዞም ዝስዕቡ ሕጥቦ ፅሑፋት ነቲ **ሓደ** መሪፅካ ትንታነ ሃበሉ። ትንታነኻን መልስኻን ነቶም ክልተ መራሕቲ ሕቶታት መሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ።*

**1.**

ኣብ ትምህርተይ ካብ ንፍዕቲ ሓሊፈ ብልጽቲ'የ ነይረ እንተበልኩ 'ባዕልኻ ናእዳ ማይ ዛንገዳ' ከምዘይኮነኒ ርግጸኛ'የ።

ኣነን መሓዙተይን ንነብስና ጽቡቓት ምዃንና'ኳ እንተሓሰብናያ፡ እቲ ሓቂ ግን ካብ ቤት ትምህርትና እተን ነብስና ዘይነልዕል ኣዋልድ ኢና ኔርና። ኣብ ቅድሚ'ተን ምልኩዓት ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዓይኒ ዕዳጋ ኣይነበረናን።

ብኣንጻሩ ግን መምህራና ከማይ ዝኣመሰላ ፋሕሻዋት ኣዋልድ'ዮም ዝፈትዉ ነይሮም። ብነጥቢ'ውን ዝወዳደረና ኣይነበረን። ምኲሕሓል ዘይነዘውትር እዱባት ተማሃሮ ኢና ኔርና። ብፍላይ ኣነ ኣብ ስፖርት ከይተረፈ'የ ንፍዕቲ ነይረ። ኣብ ሎሚ ኳንኩም ብዛዕባ ቁምነገር ናይ'ዚ ኩሉ እንተትሓቱኒ፡ 'ዘይረብሕ ነገር'ዩ' ምበልኩኹም። እንተ ሽዑ'ሞ ዕቱብን ኣገዳስን ምዕራፍ ናይ ህይወተይ'ዩ ነይሩ።

እታ ፈለማ ነዚ ወዲ ዝረኣኹላ መዓልቲ ፈጺመ ኣይርስዓን'የ። ከም'ዚ ትማሊ ኮይኑ'ዩ ዝስማዓኒ። ምስ መሓዙተይ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርትና እናተዛወርና፡ንሱ ከኣ በንጻር ኣንፈት ምስ ኣዕሩኽቱ ናባና ገጹ ይመጽእ ነበረ። ኣዝዩ ምልኩዕን ምዕሩግን'ዩ ነይሩ። እንታዋይ'ዩ ኸ? ብትምህርቱ ይቕድመኒ'ዩ፡ ብዕድመ እንተኾነ'ውን ብኽልተ ዓመት ይዓብየኒ'ዩ። ሽዑ መዓልቲ ናይ ምሸት'የ ብዛዕባኡ ፈሊጠ። 'ድልየት እንተሎ መገዲ'ሎ' ከምዝበሃል ሓበሬታኡ ንኽረክብ ግዜ ኣይወሰድኩን።

ኣነ ተማሃሪት ሻምናይ ክፍሊ'የ ነይረ፡ ንሱ ከኣ ዓስራይ። ንሱ ዝመሃረላ ክፍሊ ኣብ ጥቓ ናይ ኣዋልድ ዓይኒ ምድሪ'ያ ነይራ። ነዚ ምስ ፈለጥኩ፡ ናብ ዓይኒ ምድሪ ሓቁ ዝሓለፎ ምምልላስ ኣብዛሕኩ። ብኩነታተይ ዝተሻቐለት መምህረይ ድማ ገለ ረኽሲ ፍሕኛ ገይረ ከይከውን ስለዝሰግኣት፡ ናብ ሓኪም ሰደደትኒ። ሓቃ'ያ ነይራ፡ ረኽሲ ኣጋጢሙኒ'ዩ - ፍቕሪ ዝብሉዎ ረኽሲ።

ነዊሕ ከይጸናሕኹ፡ እዚ ወዲ ዝተመርዓወ ምዕባዩ ሓዉ ከምዘለዎ፡ ኣብ ከባቢ ምምሕዳር ከተማ ከምዝነብርን ካብ ናብ ገዛኡን ቤት ትምህርቱን ብኣውቶቡስ ቁጽሪ 3 ከም ዝመላለስን ተረዳእኩ። እቲ ዘሕዝን ድማ ኣነ ብኣውቶቡስ ቁጽሪ 1 እየ ዝመላለስ።

ሓደ እዋን ኣቓልቦኡ እንተረኽብኩ ኢለ፡ ድሕሪ ፍዳሰ ናብ'ታ ንሱ ዝመላለሰላ ኣውቶቡስ ደየብኩ። ንሱ ከኣ ኣብ ዳሕረዋይ ጸግዒ ኮይኑ ምስ ኣዋልድ መሓዙቱ ኮሽምሽም ክብል ረኣኹዎ። ብዝረኣኹዎ ነገር ሓሪቐ ከይኣክል ካብ'ቲ ዝወረድኩሉ ፌርማታ ንገዛይ ክምለስ 6 ኪሎ ሜትሮ ዝኣክል ብእግረይ ክጓዓዝ ተገደድኩ።

ከም ዝፈተኹዎ ስምዒተይ ክርድኣለይ'ኳ እንተደለኹ፡ ሳሕቲ ግን እቲ ምስጢር ኣብ ውሽጠይ ተቐቢሩ ክነብር ዘይተመነኹ ኣይኮንኩን። ኣብ'ዚ ሕጂ ኮይነ ክሓስቦ እንከሎኹ ድማ ሓቀኛ ፍቕሪ ድዩ ነይሩ ወይስ ሃነይነይታ ክፈልዮ ኣይክእልን።

ግን ከኣ ርግጸኛ'የ፡ናይ ብሓቂ ኣፍቂረዮ'የ ነይረ። ንዕኡ ተመርዕየ ብሓጎስ ክነብር ክንደይ ግዜ ዘየተመንኹ። እዚ ኩሉ፡ ዓርኪ ትንበሮ ኣይትንበሮ፡ ንሱኸ ክፈትወኒ ድዩ ኣይፈትወንን ከይፈለጥኩ ዝተመነኹዎ'ዩ ነይሩ። ምኻን'ኳ ከምዝፈትወንስ ርግጸኛ'የ ነይረ። ኩሉ ሰብ እናፈተወኒ'ሞ ንሱ በይኑ እንታይ ኮይነ ኢሉ ክጸልኣኒ? ብዝኾነ ስምዒተይ ክገልጸሉ ድፍረት ኣይረኸብኩን።

ኣብ 9ይ ክፍሊ ምስ ኣቶኹ፡ እቲ ዝበጽሓኒ ክፍሊ ካብ'ቲ ናቱ ዝረሓቐ ብምንባሩ ንዕኡ ክርኢ ኢለ ናብ ዓይኒ ምድሪ ምምልላስ ገደፍኩዎ። ሓቂ ይሓይሽ ከኣ ብኹለንትናይ ጓል መሲለ ክረአ ዝደሊ ምልክዕቲ ጎርዞ ስለዝኣኽልኩ'የ። ሓደ መዓልቲ ፈጺጋ ዓይኒ ወጺኡዎ ረኣኹዎ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ተዓዋቲ ውድድር ባድሜንቶን ኮይኑ ስለዝነበረ፡ ክልተ መግለጺ ፍቕሪ፡ ክልተ ናይ ሰናይ ትምኒትን ሓንቲ ድማ ናይ ዮሃና ካርተሊናታት ቀሪበሉ ነበርኩ።ከም ዘፍቀርኩዎ'ኳ ንዘይፈልጥ ወዲ ግን ኣብ ኢዱ ክህቦ ትብዓት ሓጸረኒ።ግን ድማ ዓለም ብዓለሙ እናፈለጠስ፡ ከም ዘፍቀርኩዎ ክፈልጥ ዘይክእለሉ ምኽንያት ኣይተራእየንን። ባድሜንቶን፡ ንሱ ዝፈትዎ ጸወታ ምዃኑ ፈሊጠ፡ ናይ ባድሜንቶን ራኬት ክሕዝ ከምዝጀመርኩ'ሞ ከመይ ኢሉ'ዩ ካብ ዓይኑ ክኸወል።

ብዘይብኡ'ውን ፍቕረይ ክሓብኣሉ ኣየፈተንኩን።ከፍቅረኒ ግን ክደፋፍኦ ኣይደለኹን። እቲ ንዓይ ዝምልከተኒ ፍርቂ መገዲ ተጓዒዘዮ'የ፡ እቲ ዝተረፈ ፍርቂ ባዕሉ ክምልኦ ጥራይ'የ ዝጽበዮ ነይረ።

ዓመት መጽአ ኩሎም ተማሃሮ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሳተፉዎ ዝተፈላለየ ውድድራት ስፖርት ዝካየደሉ ግዜ ወርሒ መስከረም'ዩ። እዚ እዋን ኣዝዩ መሳጢ ተሞክሮ ዝቐሰመሉ እዋን'ዩ። ፍቕርኻ እትገልጸሉ፡ ሓድሽ ገጽ እትላለየሉን ካልእ ባህ ዝበለካ ነገር እትፍጽመሉን ምቹእ መድረኽ'ውን እዩ። ብዙሓት ኣዋልድ ንዝጠመታኦም ኣወዳት ብድፍረት ንፍቕሪ ዝሓታሉ ኣጋጣሚ'ዩ ዝፍጠረለን። ኣነ ከኣ ካብኣተን ዝተፈለኹ ኣይኮንኩን። ስለ'ዚ ኣብ'ቲ ሜዳ ባድሜንቶን ከይደ ክነግሮ ዘድሊ ምድላዋት ገበርኩ። ጽቡቕ ቀምሽ ተኸዲነ፡ ድሙቕ ቀይሕ 'ሊፕስቲክ' ገይረ፡ ቁሩብ'ኳ ዕብይ እንተበለኒ ናይ ሓትኖይ ስፒል ጫማ ወድየ ብዝከኣለኒ ድምቕምቕ ኢለ ተበገስኩ። ንሱ ከኣ እቲ ንልእልቲ ስንድሬላ ዝማረኸ ልኡል ክመስል ኣብኡ ጸንሓኒ። ናብ'ቲ ዝለማመድሉ ዝነበረ ሜዳ ከይደ ኣብ ሓደ ኩርናዕ ተቐመጥኩ። እናተጻወተ ኣብ መንጎ ቁሊሕ ምስ በለኒ ኢደይ ኣወዛወዝኩሉ። ንሱ ግን ብዘይግብረ መልሲ ጸወታኡ ድኣ ቀጸለ። ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ምስ ተጸበኹዎ ድማ ናባይ ቀሪቡ፡ "ሰላማት፡ ንመን ትጽበዪ ኣሎኺ?" በለኒ "ን. . .ን. .ንዓኻ . . ."

"ንዓይ፡ እሂ?" ብሓውሲ ላግጺ ተገሪሙ ሓተተኒ። ኣነ ከኣ ኩሉ ድፍረተይ ኣኻኺበ ኣብ ብሕት ዝበለ ስፍራ ከዘራርቦ ከምዝደለኹ ነገርኩዎ። ተተሓሒዝና ካብ'ቲ ቦታ ምስ ኣልገስና፡ "ካባይ እንታይ ኢኺ ትደልዪ?" ክብል ሓተተኒ።

"ንዓኻ" መለስኩሉ።

"ትጻወቲ ኢኺ ዘሎኺ፡ ሓቀይ?" ኢሉ ምስ ሓተተኒ ርእሰይ ጥራይ ብኣሉታ ነቕነቕኩ።

"እሞ ነዚ ክትብሊ ኢኺ ድሙቕ ቀይሕ ሊፕስቲክ ጌርኪ፡ መስከረም ምድሪ ቀምሽ ልደት ተኸዲንኪ ዝመጻእኪ? ንዓይ በዚ ከተስድዕኒ ማለትኪ ድዩ? ናብ'ዚ ቅድሚ ምምጻእኪዶ መስትያት ኣይረኣኽን ኢኺ? ኣብ ሂወትኪ ሓደ እዋን ወዲ ክትምስጢ ትሓስቢ እንተደሊኺ፡ ንገዛኺ ኬድኪ ነዚ ጌርክዮ ዘሎኺ ሊፕስቲክ ኣብ ኣርማድዮኺ ንሓዋሩ ዕጸውዮ። ሕጂ ቈልዓ ኢኺ ዘሎኺ፡ ኣነ ድማ ምስ ቈልዑ ክዘውር ኣይደልን'የ" ኢሉ ገዲፉኒ ከደ።

ተተስፍየ ከም ዘይጸናሕኩ፡ ተስፋይ ብቕጽበት ጸልመተ። ልበይ ዕውልውል ኢሉኒ ከኣ ኣብ'ቲ ዝነበርኩዎ ረፈጥ በልኩ። ንገዛይ መዓስ ከም እተመለስኩ'ኳ ኣይዝከረንን። ደጊም ንኻልኣይ ግዜ ከምዘየፍቅር ቀበጽኩ። እቲ ዝኸፍአ ነገር ግን፡ ድሕሪ'ቲ መሪር ቃላቱ ሓደ ዓመት ሓሊፉ ከብቅዕ ንዕኡ ዝነበረኒ ፍቕሪ ፈጺሙ ክሃስስ ዘይምኽኣሉ'ዩ።

ሎሚ'ውን እንተኾነ ካብ'ታ ፈለማ ንዕኡ ዝረኣኹላ መዓልቲ ዝተሰምዓኒ ውዕውዕ ስምዒት ብዘይፍለ መልክዑ'የ ዘፍቅሮ። እቲ ዓሚቝ ስምዒት ፍቕሪ'ቲ እዩ ከኣ ጓል ጓል ክሽትት ዝገበረኒ።

ግዜ ተወንጪፉ፡ ኣነ ድማ ዓባይ ጓል ኰይነ። ትምህርተይ'ውን ብልዑል ነጥቢ ዛዘምኩ። ናይ ኮለጅ ትምህርተይ ንምቕጻል ናብ'ቲ ወለደይ ዝነብሩሉ ዓቢይ ከተማ ገዓዝኩ። ዝኸሪ'ቲ ዘፍቀርኩዎ ወድን ኣብ'ታ ንእሽቶ ከተማ ዝነበረኒ ሓፈሻዊ ሂወትን ግን ክሃሰለይ ኣይከኣለን። ኣብ'ቲ ፈለማ'ኳ ነዚ ከተማ ኣይፈተኹዎን። ኣዝዩ ኣቢይ ካብ ምኻኑ ዝተላዕለ ንምሕዝነት ዝግደስ ሰብ ኣይረኸብኩን። ኩሉ ሰብ ኣብ ናይ ውልቂ ጃልባኡ ተወጢሑ ናብ እንጀራ ምእራዩ ጥራይ'ዩ ዝጐዪ ዝመስል። ደሓር ግን ምስ ስድራይ ለጊበ ንናብራ'ቲ ከተማ እናለመድኩዎ ከድኩ፡ ሂወት ንባዕሉ ምልማድ እንድኣሉ!!

ብመንግስትኣብ ፍስሃየ፥ ዓንኬል ፍቕሪ፥ (2001)

(ሀ) ኣተዓባብያ ውዲት ኣብቲ ሕጥቦ ፅሑፍ እንታይ ከምዝመስል፥ ኣብነት ብምሃብ ኣረድኡ።

(ለ) እቲ ደራሲ በከመይ ኣገባብ ስምዒትን ኣተሓሳስባን እቲ ቀንዲ ገፀባህርይ ከምዝገለፆ ኣብነት ብምሃብ ኣረድኡ።



https://xtremepape.rs/

**2.**

### ምቁር ስሚ

ስሚ
ከም መዓር ከም ጠስሚ
ከምቲ ሸዊት ሓጋይ
ተሃራፊ ኮይኑ ውንውን ተበሃጋይ
ከም ፃልጣ ከም ልግዐ
        ምሒር ተጠሊቡ
ሃፋ መቐረቱ ብዙሓት ሰሊቡ።

ፍጥረት ኣዳም ሂንዋ ኣብ መኣዲ ስሚ
                    ዓሲሉ ረቢቡ
ፍቕሪ ምቁር ስሚ ብሂጉ ፀረርታ
                ሰትዩ ጠስሚ ልቡ
ምስ ስሚ ተሳንዩ ተሰንዩ ብስሚ
                ተዘሚቱ ቀልቡ
ብመቐረት ስሚ ሰብ ስኢኑ ሰቡ።

ተኽሊ ፍረ ስሚ ዓምቢቡ በሲሉ
                ከም ወይኒ ዘለላ
ልክዕ ከም ፅዴና ፈሲሱ ወለላ
ሰብ'ውን ሃሊኹ
ኣፍቂሩ ንስሚ ምስ ስሚ ዓሪኹ።

ስሚ ክንዲ መዓር ከም ልምዲ ጠጢዑ
ውሕጅ ማይ ንዓቐብ ደይቡ ነቲዑ
ሰብ ቃሉ በቲኹ
ንመዓር ዝሕሰም ሰሲኑ ወሲኹ።

ልዑል ርእሲ ኹሉ ብዋጋ ዘይትመን
ፈውሲ ንጥዕና ዝምረፅ ዝእመን
ፍቕሪ ንኽልተ መዓር'ዩ ጥዑም
                ይለብም ሰብ ሎሚ
ሞት'ዩ ዝውለድ ካብ ምቐረት ስሚ።

*ብግርማይ ገብሩ፥እሞኽ፥ ጓኖድ ፍልስፍናዊ ግጥምታት፥* (2005)

(ሀ) እቲ ገጣሚ ከሕልፎ ዝደለየ መሰረታዊ ሓሳብ/ቴማ ዘትዩ።

(ለ) እቲ ገጣሚ ምስላዊ ኣዘራርባታት ንምምዕባል ቀንዲ ቴማ እቲ ግጥሚ ከመይ ከምዝተጠቐመሎም ብምዝርዛር ኣረድኡ።

https://xtremepape.rs/